# ክታበት ኢንፍልዌንዛ (ጉንፋዕ/ሰዓል) ንቆልዑት

**ምስ ዶክተርካ ወይ ከዓ ነርስኻ ብዛዕባ ብኸመይ ንቆልዓኻ ካብ ሰዓል ትሕልዎ ተዘራሪብኩም ዶ?**

## ኢንፍልዌንዛ (ጉንፋዕ/ሰዓል) እንታይ እዩ?

ኢንፍልዌንዛ ወይ ድማ ብስፍሓት ብጽውዐሉ ሽሙ "ዘ ፍሉ" ካብ ኢንፍልዌንዛ ቫይሬስ ዝመጽእ እዩ። ብፍላይ ንኣፍንጫ፤ ጉሮሮን ሳምቡእን ዝጸሉ ሕማም የኸትል፣ ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤታትን ማሕበረሰብን ድማ ብቐሊሉ ከስፋሕፍሕ ይኽእል።

## ናይ ሰዓል ምልክታት እንታይ እዮም?

- ረስንን ቁጥዐ ነብሲን
- ምስዓልን ድምጺ ዝበዝሖ ምትንፋስን
- ርእሲ ሕማም፤ ቓንዛ ጭዋዳታት፤ ስምዒት ድኻም
- ምቑሳል ጉሮሮን ብኣንፍጫ ዘረብረብን/ጸረርታን
- ምጉዳል ሸውሃት መግቢ ወይ ድኹም ኣመጋግባ
- ምዕውልዋል፤ ተምላስን ውጽኣትን

## ሰዓል ንቖልዑ ክሳዕ ክንደይ ዝኣክል ብኸቢድ ይጎድኦም?

ሰዓል ካብ ዝሓዞም ቆልዑ እቶም ሲሶ ዝኣኽሉ ናብ ሆስፒታል ይኣትዉ፤ ብተወሳኺ መብዛሕቲኦኡ ናብ ሆስፒታል ምእታውን ሞትን ዘጋጥም ቅድሚኡ ጥዑያት ኣብ ዝነበሩ ቖልዑ እዩ።

## ሰዓል ንምክልኻል እቲ ምሩጽ መገዲ እንታይ እዩ?

ሰዓል ንምክልኻል እቲ ምሩጽ መንገዲ ልክዕ እቲ ናይ ሰዓል ወርሓት ክጅምር እንትብል ኽታበት ምውሳድ እዩ።

እቲ ክታበት ንውላድካ ካብ 6 እስካዕ 12 ኣዋርሕ ዝጸንሕ መከላኸሊ ይህበ፣ ስለዝኾነ ድማ፡ ናይ ሰዓል ክታበት በቢዓመቱ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።።

ዌስተርን ኣውስትራሊያ ገፊሕ ናይ ክታበት ስርዓት ደሕንነት ኣለዋ፣  በቢእዋኑ ዝህሉ መረዳእታ ድሕንነት ክታበት ሰዓል በብሰሙኑ ኣብ ድረ-ገጽ www.ausvaxsafety.org.au ኣለኩም።

## ካልኦት ክታበታትን ናይ ኢንፍሉዌንዛ ክታበትን ከ?

እቲ ናይ ኢንፍልዌንዛ ክታበት፣ ንኮቪድ 18 ከምኡ እውን ንኒርሰቪማብ ሓዊሱ፣ ምስ ካልኦት ኣብ ዌስተርን ኣውስትራሊያ ዝርከቡ መደበት ክታበት ተኣሳሲሩ ብሓባር ክሳለጥ ይከኣል እዩ።

## እዚ ናይ ሰዓል ክታበት ዓቢይ ስግኣት ንዘለዎም ቆልዑ ናጻ እዩ፣ ነዞም ዝስዕቡ ወሲኽካ፡

- ካብ 6 ኣዋርሕ እስካዕ ክፍሊ 6 ናይ መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ።
- ቐደሞት ተወለድቲ እዛ ሃገርን ተቐማጦ ደሴት ቶሬስ ስትሬይትን፤ ዕድመኦም ካብ 6 ኣዋርሕ ጀሚሩ ንላዕሊ
- ኩሎም ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ናይ ኣስፕሪን ሕክምና ዘለዉ፤ ዕድመኦም እንካብ 6 ኣዋርሕ ጀሚሩ ንላዕሊ።
- ነዞም ዝስዕቡ ዘካተተ ነባራይ ጸገም ጥዕና ዘለዎም ኩሎም ዕድመኦም ካብ 6 ኣዋርሕ ንላዕሊ ዘለዉ ህጻናት፡
  - ከቢድ ኣዝማ
  - ነባራይ ሕማም ሳንቡቕ
  - ናይ ጉበት (ጸላም ከብዲ)፤ ኩሊትን ልብን ጸገማት
  - ናይ ስርዓት ነርቭ ሕማማት
  - ዝተዳኸመ ዓቕሚ ምክልኻል ሰብነት፣ ንካንሰር ወሲኽካ
  - ሕማም ሽኮር
  - ጸገማት ውሽጣዊ መስርሕ ሰውነት (ሜታቦሊክ)ንደምን
  - ትሪሰሚ 21

## ደቀይ ኣበይ ናጻ ክታበት ናይ ሰዓል ክወስዱ ይኽእሉ፧

ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ኪድ ወይ ድማ፤ ብዛዕባ ኣድራሻ ናይ ማሕበረሰብ ናይ ክታበት ነቑጣታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ HealthyWA (ሄልዚ ደብልዩ ኤ) ብጽሑ ኢኹም።

ብኣማራጺ ናብ ፒ ሲ ኤች ስታን ፔሮን ናይ ክታበት ማእከል (PCH Stan Perron Immunisation Centre) ብጻሕ፤ ደርቢ 1፤ ክሊኒክ D (ዲ)፤ እንካብ ሰዓት 8:30 ንግሆ እስካዕ 4 ናይ ድሕሪ ቐትሪ (ቖጸራ ኣየድልዮን እዩ) ወይ ብቑጽሪ ስልኪ 6456 3721 ርኸበና።

Government of Western Australia
Child and Adolescent Health Service

**ናይ ቆልዑን ብጹሓትን ግልጋሎት ጥዕና**
15 ጎደና ሆስፒታል፤ ኔድላንድስ፤ ም ዕራብ ሆስፒታል፤ 6009
ቑጽሪ ስልኪ: (08) 6456 2222
ዝተዳለው ብ: ግልጋሎት ክታበት
መወከሲ: 1080.8 © CAHS 2024

**እዚ ሰነድ ንኣካል ጉዱእ ክበሃል ብዝቐርብ ጠለብ ብዝተፈላለዩ ኣማራጺ መልክዓት ክቐርብ ይኽእል እዩ።**

**መተሓሳሰቢ፡** እዚ ሕታም ንሓፈሻዊ ኣስተምህሮን ንሓበሬታ ዝኣክል እዩ። ንዝኾን ዝደለኻዮ ሕክምናዊ ማዕዳ፤ ንብቑዕ ክኢላ ክንክን ጥዕና ርኸብ።
© ክልል ዌስተርን ኣውስትራሊያ፤ ናይ ቆልዑን ብጹሓትን ግልጋሎት ጥዕና